1st current copy

RDC 1

# ነጋሪት ጋዜጣ ኤርትራ

## ብግዝያዊ መንግስቲ ኤርትራ ዝሕተም

ቅጺ 1. /1991/ ቁ. 1.



| ዕለት | ወርሒ | ዓ.ም. | ዋጋ |
|---|---|---|---|
| 15 | መስከረም | 1991 | 10" |

# ኣዋጅ 1
# መሰጋገሪ ትካላት ምምሕዳር ፍትሒ ኤርትራ

ዓንቀጽ 1.0 ሓፈሻዊ

ዓንቀጽ 1.1

ግዜኣዊ መንግስቲ ኤርትራ ህዝባዊ ደሞክራሲያዊ ስልጣን ንም ህናጽን ንምድልዳልን፡ መሰል ዜጋታት ንምሕላውን፡ ግቡኣትን ምት ግባሮምን ንምርግጋጽ፡ ቁጠባ ሃገር ንምሕላውን ንምምዕባልን ሓድ ነት ህዝብን ሃገርን ንምርግጋጽ፡ ሕግን ስርዓትን ንምሕያል፡ ገበን ኛታትን በደልትን ንምእራምን ንምቕጻዕን፡ ነገር ንምውዳእን ንምዕ ራቕን ዝዓለመ ኢዩ።

ዓንቀጽ 1.2

ብሃገር ደረጃ ሕግታት ዘጽድቕን፡ ሕግታት ንምርቃቕን ንምንዳ ፍን ዝውክል ግዜኣዊ መንግስቲ ኤርትራ ኢዩ።

ዓንቀጽ 2.0 ትካላት ምምሕዳር ፍትሒ

መሰረታውያንን ቀንድን ትካላት ምምሕዳር ፍትሒ፡-

1. ቤት ጽሕፈት ሰክረተሪ ፍትሒ፡
2. ኣብያተ ፍርዲ፡
3. ኣካላት ምኽባር ሕጊ ኢዮም።

ዓንቀጽ 3.0 ሓላፍነት ሰክረተሪ ፍትሒ

ሰክረተሪ ፍትሒ፡ ዳያኑ ብመሰረት ሕጊ ናይ ምድናይ ናጽነቶም ዝተሓለወ ኮይኑ እዚ ዝስዕብ ሓላፍነት ኣለዎ፡-

1. ናይ ድንነት ኣገልግሎት ዘድልየሉ ቦታታት ምውሳንን፡ ብኣወ ዳድባኦምን ሓይሊ ሰቦምን መሳለጢያታቶምን ዝተማልኡ ኣብ ያተ ፍርዲ ካብ ናይ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ፕረዝደንት ብዝቐር በሉ ጠለባትን ምስኡ ብምምይያጥን ምቛም፡
2. ናይ ኣብያተ ፍርዲ ናይ ስራሕ ኣወዳድባ ከምዝትግበር ምክትታ ልን ካብ ናይ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ፕረዝዳንት ብዝቐርበሉ ጠለ ባትን ምስኡ ብምምይያጥን ንኣብያተ ፍርዲ ዘድሊ ንዋታዊን፡ ቴክኒካዊን፡ ባጀታዊን ኣገልግሎት ምቕራብ።

3. ናይ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ፕረዝደንትትን ካልኦት ናይ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ዳያኑን ኣብ ዝምዘዝሉ ንግዜኣዊ መንግስቲ ኤርትራ ምኽሪን ርእይቶን ምሃብ ፡

4. ናይ ኣብያተ ፍርዲ ውሳኔታት ከምዝትግበሩ ምርግጋጽ ፡ ኩነታት ምስ ዘፍቅዶ ኣብ ውሽጢ ኣብያተ ፍርዲ ናይ ተግበርቲ ፍርዲን ናይ ውዕላትን መርትዖታትን መመዝገቢ ኣብያተ ጽሕፈት ምቛም ፡

5. ናይ ሕግታት ምርቃቕን ፡ ምድብታርን ( *Codification* ) ፡ ናይ ሕጊ መጽናዕትን ምርምርን ስራሓት ምክያድ ፡

6. ብናይ ግዜኣዊ መንግስቲ ኤርትራ ትካላት ምስ ዝሕተት ናይ ሕጊ ንድፍታት ወይ ርእይቶታት ምድላውን ምሃብን ፡

7. ንስርሓት ኣብያተ ፍርዲን ምኽባር ሕጊን ንምውህሃድን ንምስላጥን ምስ ናይ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ፕረዝደንትትን ዋና ኣኽባር ሕጊን ኣብ ውሱን ግዜያት ኣኼባታት ምክያድ ፡

8. ምስ ናይ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ፕረዝደንትትን ዋና ኣኽባሪ ሕጊን ብምምኽኻር ንዳያኑን ፡ ኣኽበርቲ ሕጊን ጠበቓታትን ናይ ሙያ ምስልጣን መደባት ምውጻእን ናይ ትምህርቲ ጽሑፋት ምድላውን ፡

9. ብዛዕባ ምውጻእ ሓደስቲ ሕጊታት ወይ ምምሕያሽ ሕጊታት ብኣብያተ ፍርዲን ቤት ጽሕፈት ዋና ኣኽባር ሕጊን ተጠርኒፎም ዝመጽኡ ሓሳባት ምስናቱ ርእይቶ ንውሳኔ ንግዜኣዊ መንግስቲ ኤርትራ ምቕራብ ፡

10. ንናይ ኣብያተ ፍርዲ ምኽባርን ሕጊን ጸብጻባት ምቕባልን ምስ ናይ ቤት ጽሕፈት ፍትሒ ብምውህሃድ ንግዜኣዊ መንግስቲ ኤርትራ ምቕራብ ፡

11. ናይ ጥብቅናን ኖታዮን ፍቓድ ዝዋሃበሉን ናይ ጥብቅና ሙያ ዝስርዓሉን ሕጋጋት ምሕንጻጽን ምትግባርን ፡

12. ዜጋታት ሕጊ ንኽፈልጡ ምስ ዝምልከቶም ናይ ግዜኣዊ መንግስቲ ኤርትራ ካልኦት ትካላት ብዝተፈላለየ መንገዲ ብምትሕብባር ዘድሊ ጎስጓስ ምክያድን ትምህርቲ ምሃብን ፡

13. ናይ ሞት መቕጻዕቲ ንዝተዋህበሉ ፍርዲ ምስ ርእይቶኡ ናብ ዋና-ጸሓፊ ግዜኣዊ መንግስቲ ኤርትራ ምቕራብ ፡

14. ብሕጊ ዝዋሃቦ ካልኦት ተግባራት ምፍጻም ፡

## ዓንቀጽ 4.0 ዓይነትን ደረጃን ኣብያተ ፍርዲ

### 1. ሲቪላዊ ኣብያተ ፍርዲ

ሀ- ሲቪላዊ ኣብያተ ፍርዲ ሰለስተ ኢዮም ። ናይ ወረዳ ፡ ናይ ኣውራጃ ፡ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ኢዮም ።
ለ- እዞም ኣብያተ ፍርዲ ኣብ ውሽጢ ህዝቢ ናይ ገበን ሲቪልን ጉዳያት ዝርእዩ ኢዮም ።

### 2. ወተሃደራዊ ቤት ፍርዲ

ሀ- ወተሃደራዊ ቤት ፍርዲ ብሰራዊት ዝተፈጸሙ ገበናት ጥራይ ዝርኢ ፍርዳዊ ኣካል ኢዩ ። ብኣባላት ሰራዊትን ብሲቪልን ብናይ ሓባር ገበናዊ ተሳትፎ ዝቐርብ ክሲ ኣብ ወተሃደራዊ ቤት ፍርዲ ይዳን ።
ለ- ወተሃደራዊ ቤት ፍርዲ ክልተ ኢዮም ። ታሕተዋይን ላዕለዋይን ክአ ይበሃሉ ።
ሐ- ላዕለዋይ ወተሃደራዊ ቤት ፍርዲ ኣካል ናይቲ ብሓደ ፕረዝደንት ዝካየድ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ኢዩ ።

## ዓንቀጽ 5.0 ኣቃውማን ስራሕን ሲቪላዊ ኣብያተ ፍርዲ

### 5.1 ቤት ፍርዲ ወረዳ

1. ቤት ፍርዲ ወረዳ ብሓደ ዝተሓረየ ዳኛ ዝቐመ ይኸውን ።
2. ቤት ፍርዲ ወረዳ ስልጣኑ ኣብ ዘፍቅደሉ ጉዳይ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወረዳን ንኹሎም ዜጋታት ዝምልከት ጉዳያት ዝውድእ ፍርዳዊ ኣካል ኢዩ ።
3. መጠን ናይ ጉዳያት ኣብ ግምት ብምእታውን ዳያኑ ንምምላእን ፡ ቤት ፍርዲ ወረዳ ካብ ሓደ ንላዕሊ ዝኾኑ ወረዳታት ከምዝውክል ክግበር ይከኣል ። ኣብ ከምዚ ኩነታት ቤት ፍርዲ ወረዳ እናተንቀሳቐሰ ጉዳያት ክሰምዕ ይኽእል ።

### 5.2 ቤት ፍርዲ ኣውራጃ

1. ቤት ፍርዲ ኣውራጃ ብ3 ዝተሓረዩ ዳያኑ ዝቐመ ይኸውን ። ኣቦ ወንበር ናይቲ ቤት ፍርዲ ብፕረዝደንት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ይምደብ ። ንናይ ወረዳ ቤት ፍርዲ እውን ይከታተልን ይቆጻጸርን ።

2. ቤት ፍርዲ አውራጃ ስልጣኑ ኣብ ዘፍቅደሉ ጉዳይ ፡ ኣብ ውሽጢ ኣውራጃ ንኹሎም ዜጋታት ዝምልከት ጉዳያት ዝውድእ ዝለዓለ ፍርዳዊ ኣካል ኢዩ ።

## 5.3 ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ

1. ላዕለዋይ ሲቪላዊ ቤት ፍርዲ ኣካል ናይቲ ብሓደ ፕረዝደንት ዝካየድ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ኢዩ ።
2. ላዕለዋይ ሲቪላዊ ቤት ፍርዲ ንምሉእ ሃገር ዝውክል ቤት ፍርዲ ኢዩ ።
3. ላዕለዋይ ሲቪላዊ ቤት ፍርዲ ብግዜኣዊ መንግስቲ ኤርትራ ዝተ ሓረዩ ዳኛታት ዝቖመ ኢዩ ።
4. ላዕለዋይ ሲቪላዊ ቤት ፍርዲ ሲቪላዊን ገበናዊን ዝበሃሉ ክልተ ንኡሳን ክፋላት ክህልውዎ ይኽእል ። ነፍሲ ወከፍ ክፍሊ ብሰለስተ ዳያኑ ይቖውም ። እቶም ዳያኑን ኣቦ ወንበራቱን ከኣ ብፕ ረዝደንት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ይምደቡ ።
5. ካብ ናይ ኣውራጃ ቤት ፍርዲ ይግባይ ዝበሃለሎም ጉዳያት በብዝምልከቶ ንኡስ ክፋል ብሰለስተ ዳያኑ ይርአ ።

## ዓንቀጽ 6.0 ኣቃውማን ስራሕን ወተሃደራዊ ቤት ፍርዲ

### ዓንቀጽ 6.1 ታሕተዋይ ወተሃደራዊ ቤት ፍርዲ

1. ታሕተዋይ ወተሃደራዊ ቤት ፍርዲ ብሰለስተ ብግዜኣዊ መንግ ስቲ ኤርትራ ዝተሓርዩ ዳያኑ ይቖውም ። ኣቦ ወንበር ብፕረዝ ደንት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ይምደብ ።
2. ናብ ታሕተዋይ ወተሃደራዊ ቤት ፍርዲ ዝቐርብ ጉዳያት ፡ ብሓደ ወይ ብሰለስተ ዳያኑ ክርአ ይኽእል ። ኣቦ ወንበር ፡ ሓደ ጉዳይ ብሓደ ወይ ብሰለስተ ዳያኑ ንኽርአ ይውስን ።

### ዓንቀጽ 6.2 ላዕለዋይ ወተሃደራዊ ቤት ፍርዲ

1. ላዕለዋይ ወተሃደራዊ ቤት ፍርዲ ብሰለስተ ብግዜኣዊ መንግስቲ ኤርትራ ዝተሓረዩ ዳያኑ ይቖውም ። ኣቦ ወንበር ብፕረዚደንት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ይምድብ ።
2. ኣብ ላዕለዋይ ወተሃደራዊ ቤት ፍርዲ ዝርአ ጉዳያት ብሰለስተ ዳያኑ ይርአ ።

## ዓንቀጽ 7.0 ሓላፍነት ፕረዚደንት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ

1. ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ሲቪላዊን ወተሃደራዊን ዝበሃሉ ክልተ ክፋላት ዘለዎን ንኹሎም ብሃገር ደረጃ ዝለዓሉ ጉዳያት ዝውድእ ዝለዓለ ፍርዳዊ አካል ኮይኑ ብሓደ ፕረዝደንት ይምራሕ ።
2. ፕረዚደንት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ሓደ ካብቶም ብግዜኣዊ መንግስቲ ኤርትራ ዝተሓረዩ ዳያኑ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ኮይኑ ፡ ብግዜኣዊ መንግስቲ ኤርትራ ንፕረዝደንትነት ይምደብ ።
3. ፕረዚደንት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ዳያኑ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ይምድብ ።
4. ፕረዚደንት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ኩሎም ዳያኑ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ዝሳተፉሉ አብ ሽሽድሽተ ወርሒ ዝግበር ጠቕላላ ኣኼባ ብኣቦ ወንበርነት ይመርሕ ።
5. ፕረዚደንት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ካብ ናይ አውራጃ ቤት ፍርዲ ብካልኣይ ደረጃን ካብ ናይ ላዕናዋይ ቤት ፍርዲን ይግባይ ዝተበሃለሎም ጉዳያት ክሰምዕ ይኽእል ።
6. አብ ናይ ዳግመ ምርኣይ ፍርዲ (ፍርዲ እንደገና ዝርአየሉ ኩነት) ምስኡ ንምስታፍ ዝውስኑ ክልተ ዳያኑ ካብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ይምድብ ።
7. ፕረዚደንት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ንኹሎም አብያተ ፍርዲ ይከታተልን ይቆጻጸርን ።
8. ፕረዚደንት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ብምርጫ ይኹን ብሕርያ ንዝተመዘዙ ናይ አውራጃን ወረዳን ዳያኑ ብምጽዳቕ ሰክረተሪ ፍትሒ ይምድብ ።
9. ፕረዚደንት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ አብ ዘይህልወሉ ኩነታት ካብ ናይ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ አቦ ወንበራት ንሓደወኪል ይምዝዝ ።

## ዓንቀጽ 80 መትከላት አሰራርሓ አብያተ ፍርዲ

### ዓንቀጽ 8.1 ሓፈሻዊ

1. አብያተ ፍርዲ ፍርዲን ብይንን አብ ምሃብ ብሃገር ደረጃ አብ ዝወጹ ሕግታት ይምርኮሱ ።
2. ደረት ስልጣን አብያተ ፍርዲ አብ ሕጊ ሲቪላዊ ስርዓትን ገበናዊ ስርዓትን ዝተወሰነ ይኸውን ። ይኹን እምበር አብያተፍርዲ አብ ዝኾነ እዋን አብ ቤት ማእሰርቲ ይኹን ቅዩዳት አብ ዝር

ከቡሉ ቦታታት ኣትየም እሱራትን ቅዩዳትን ብሕጋዊ ኣገባብ ከምዝተሓዙ ናይ ምርግጋጽ ስልጣን ኣለዎም ።

3. ኣብ ዝኾነ ጽፍሒ ናይ ኣብያተ ፍርዲ ዳያኑ ማዕረ ድምጺ ይህልዎም። ፍርዲን ብይንን ብብዝሒ ድምጺ ይውሰን ። እቲ በቲ ዝበዝሐ ድምጺ ዘይሰማማዕ ዳኛ ንዝህቦ ዝተፈላለየ ፍር ዲን ብይንን ይምዝገብ ።

4. ዝኾነ ቤት ፍርዲ ካብ ደረት ስልጣኑ ወጻኢ ዝኾነ ጉዳይ ኣይ ርእን ።

5. ናይ ወረዳ ቤት ፍርዲ ንቤት ፍርዲ ኣውራጃ ፡ ቤት ፍርዲ ኣውራጃ ንላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ፡ ታሕተዋይ ወተሃደራዊ ቤት ፍርዲ ድማ ንላዕለዋይ ወተሃደራዊ ቤት ፍርዲ ምሉእ ስታቲ ስቲካዊ ጸብጻብ ናይ ኩሎም ዝቐርቡሉ ጉዳያትን ዝህቦም ፍር ዲታትን ብይናትን ርኢቶታትን ብዛዕባ ንፍትሒ ዝምልከት ዘጋጠሙ ጸገማትን ከማሓየሹሉ ዝኽእል ኣገባባትን ከቐርብ ተሓታቲ ኢዩ ። ነፍሲ ወከፍ ቤት ፍርዲ ቅዳሕ ናይ ጸብጻቡ ናብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ የመሓላልፍ ።

6. ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ምሉእ ስታቲስቲካዊ ጸብጻብ ናይ ኩሎም ዝቐርቡሉ ጉዳያትን ዝህቦም ፍርዲታትን ብይናትን ርኢይቶን ብዛዕባ ንፍትሒ ዝምልከት ዘጋጥሞምዎ ጸገማትን ከመሓየሹሉ ዝኽእሉ ኣገባባትን ናብ ሰክረተሪ ፍትሒ የቕርብ ።

## ዓንቀጽ 8.3 ይግባይ

1. ኣብ ሓደ ጽፍሒ ኣብያተ ፍርዲ ሓደ ጉዳይ ተሰሚዑ ፍርድን ብይንን ምስተዋህበ ፡ ዝተረትዐ ከሳሲ ወይ ተኸሳሲ ይግባይ ናይ ምባል መሰሉ ዝተሓለወ ይኸውን ። እቲ ይግባይ ዝሰምዐ ቤት ፍርዲ ንናይ ታሕተዋይ ቤት ፍርዲ ፍርድን ብይንን እን ተድኣ ኣጽዲቕዎ ነቲ ይግባይ ኢሉ ዝተረትዐ ወገን ብዝምል ከት እቲ ጉዳይ ይዕጾ ።

2. እቲ ይግባይ ዝሰምዐ ቤት ፍርዲ ንናይ ታሕተዋይ ቤት ፍርዲ ፍርዲን ብይንን እንተድኣ ቀይርዎ ፡ እቲ ኣብ ታሕተዋይ ቤት ፍርዲ ረቲዑ ዝነበረ ወገን ናብ ልዕሊኡ ዘሎ ቤት ፍርዲ ይግ ባይ ናይ ምባል መሰሉ ዝተሓለወ ይኸውን ። ይግባይ ሰሚዑ ቤት ፍርዲ ፍርዲን ብይንን ምስ ሃበ ፡ ኣብ'ዚ መድረኽ'ዚ ናይ ክልቲኦም ወገናት ናይ ይግባይ መሰላት ስለዝጽንቀቕ እቲ ጉዳይ ይዕጾ ።

3. ካብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ብቐዳማይ ደረጃ ይግባይ ዝተባህለሉ ጉዳያት ፕረዝደንት ናይ'ቲ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲን እቶም ነቲ ጉዳይ ዘይርኣይዎ ኩሎም ዳያኑ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲን ይርእይዎ ።
4. ፕረዝደንት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲን እቶም ነቲ ጉዳይ ዘይር ኣይዎ ዳያኑን ዝውስንዎ ጉዳይ ይግባይ ኣይበሃለሉን ።

## ዓንቀጽ 9.0 ኮሚቲ ዲሲፕሊን ዳያኑ

## ዓንቀጽ 9.1 ኣቃውማ ኮሚቲ ዲሲፕሊን ዳያኑ

1. ኮሚቲ ዲሲፕሊን ዳያኑ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ብኣቦ ወንበር ነት ሰክረታሪ ፍትሒን ብኣባልነት ፕረዜደንት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ፡ ዋና ኣኽባሪ ሕጊን ክልተ ዳያኑ ላዕለዋይ ቤት ፍር ዲን ይቐውም ።
2. ኮሚቲ ዲሲፕሊን ዳያኑ ቤት ፍርዲ ኣውራጃ ብኣቦ ወንበርነት ሓደ ዳኛ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲን ብኣባልነት ሓደ ናይ ኣው ራጃ ቤት ፍርዲ ዳኛን ሓደ ናይ ኣውራጃ ቤት ፍርዲ ኣኽባር ሕጊን ይቐውም ።
3. ኮሚቲ ዲሲፕሊን ዳያኑ ቤት ፍርዲ ወረዳ ብኣቦ ወንበርነት ሓደ ናይ ኣውራጃ ቤት ፍርዲ ዳኛን ብኣባልነት ሓደ ናይ ወረዳ ቤት ፍርዲ ዳኛን ሓደ ናይ ወረዳ ቤት ፍርዲ ኣኽባር ሕጊን ይቐውም ።

## ዓንቀጽ 9.2 ስራሓት ኮሚቲ ዲሲፕሊን ዳያኑ

1. ጥርዓን ንዝቐረበሉ ዳኛ ከከም ኩነታቱን ኣድላይነቱን ካብ ስራሕ ኣጊዱ ጥርዓን ሰሚዑ ይውስን ።
2. ጥርዓን ዝቐረበሉ ዳኛ ብገበን ዘኽሰሶ ኮይኑ ምስ ዝረኸቦ ፡ ብገበን ንኽኽሰስ ንዝምልከቶ ይሕብር ።
3. ሓደ ዳኛ ናይ ዲስፕሊን ጉድለት ከምዝፈጸመ ምስ ዘረጋግጽ ከከም ክብደቱን ተደጋጋሚነቱን ናይ መጠንቀቕታ ፡ ካብ ክልተ ወርሒ ዘይዛይድ ናይ ደሞዝ መቕጻዕቲ ፡ ካብ ሓላፍነት ብሓደ ጽፍሒ ናይ ምውራድ ወይ ካብ ናይ ዳንነት ስራሕ ናይ ምስ ጓግ ውሳኔ ክሕልፍ ይኽእል ።
4. ናይ ዳያኑ ደሞዝን ደረጃ ዕብየትን ከምኡ'ውን ናይ ቦታ ምቕ ያር ይውስን ።

## ዓንቀጽ 9.3 ይግባይ

1. ብውሳኔ ኮሚቴ ዲሲፕሊን ዳያኑ ዘይሰማማዕ ዶኛ ኣብ ልዕሊ ዝወሰነሉ ኮሚቴ ዲሲፕሊን ዳያኑ ናብ ዝርከብ ኮሚቴ ዲሲፕሊን ዳያኑ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ብጽሑፍ ይግባይ ከቕርብ ይኽእል ። ነቲ ይግባይ ዝሰምዕ ኮሚቴ ዲሲፕሊን ዳያኑ ዝህቦ ውሳኔ ይግባይ ዘይበሃለሉ ናይ መወዳእታ ውሳኔ ይኸውን ።
2. ብኮሚቴ ዲሲፕሊን ዳያኑ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ዝዋሃብ ውሳኔ ግን ይግባይ ዘይበሃለሉ ናይ መወዳእታ ውሳኔ ይኸውን ።

## ዓንቀጽ 10.0 ሓሎፍነት ምኽባር ሕጊ

## ዓንቀጽ 10.1 ሓላፍነት ዋና ኣኽባር ሕጊ

ዋና ኣኽባር ሕጊ እዚ ዝስዕብ ሓላፍነት ይህልዎ :—

1. ብዝኾነ ኤርትራዊ ዜጋን ምምሕዳራዊ ትካላትን ሕጊ ንኸይጠሓስ ይከታተልን ይቆጻጸርን ። ሕጊ ኣብ ዝጠሓሰሉ እዋን ከኣ ናብ ቤት ፍርዲ ክሲ የቕርብ ።
2. ብመርመርትን ፡ ቀየድትን ፡ ኣሰርትን ናይ ዝተሓዙ ጥርጡራትን ክሱሳትን እሱራትን ኣተሓሕዛን ኣመራምራን ክቆጻጸር ስልጣን ኣለዎ ። ተበዲልና ናይ ዝብሉ ቃል ይሰምዕን ይምርምርን ። ብመርትዖ ብዝተረጋገጸ መሰረት ከኣ ዘይሕጋዊ ቅጥዒታት ንዝጥቀሙ መርመርትን ቀየድትን ኣሰርትን ክሲሱ ናብ ቤት ፍርዲ የቕርብ ።
3. ገበን ንዝፈጸሙ ባዕሉ ወይ በቶም ኣብ ዝተፈላለየ ጽፍሒታት ኣብያተ ፍርዲ ዝተመዘዙ ኣኽበርቲ ሕጊ ኣቢሉ ይኸስስ ።
4. ኣብ ናይ ኣውራጃን ላዕለዋይን ኣብያተ ፍርዲ ባዕሉ ወይ በቶም ኣብ ዝተፈላለየ ጽፍሒታት ኣብያተ ፍርዲ ዝተመዘዙ ኣኽበርቲ ሕጊ ኣቢሉ ይግባይ ይብል ።
5. ኣድላይ ኮይኑ ምስ ዝረኸቦ ብኣኽበርቲ ሕጊ ዝተጀመረ ክሲ ወይ ይግባይ ናብኡ ከምዝቐርብ ወይ ከኣ ናብ ካልኦት ኣኽበርቲ ሕጊ ከምዝሰጋገር ይገብር ።
6. ኣድላይ ኮይኑ ምስ ዝረኸቦ ምርመራ ባዕሉ የካይድ ።
7. ዋና ኣኽባር ሕጊ ቀወምትን እዋናውያንን ተሓጋገዝቲ ትካላት ይህልውዎ ። ከከም ኣድላይነቱ ከኣ ኣበየጽፍሒ ጨናፍር ኣብያተ ጽሕፈት የቕውምን ፡ ብምጽዳቕ ስክረተሪ ፍትሒ ድማ ኣኽበርቲ ሕጊ ይሓርን ይምዝዝን ።

8. ንፖሊስ ኣብ ገለ ጉዳያት ከም ኣኸበርቲ ሕጊ ኮይኖም ክሲ ንኸቕርቡ ይምዝዝ ።
9. ህዝባዊ ረብሓ ኣብ ዝትንከፈሉ ሕጊ ስቪላዊ ስርዓት ተኸቲሉ ሲቪላዊ ክሲ ከቕርብን ኣብ ዝኾነ ደረጃ ሲቪላዊ ክርክር ከም በዓል ነገር ጣልቃ ኣትዩ ክከራኸርን ክቃወምን ይኽእል ።
10. ምሉእ ስታቲስቲካዊ ጸብጻብ ናይ ዝተኸታተሎም ጉዳያት ፡ ብዛዕባ ኩነታት ፍትሒ ኣብ ምሉእ ሃገርን ብዛዕባ ንፍትሒ ዝምልከት ዘጋጥምዎ ጸገማትን ከመሓይሹ ዝኽእሉ ኣገባባትን ናብ ስክረተሪ ፍትሒ የቕርብ ።

ዓንቀጽ 10.2 ደረጃታትን ሓላፍነትን ኣኸበርቲ ሕጊ

1. ኣብ ኩለን ኣብያተ ፍርዲ ዝለዓሉ ክስታት በቶም ኣብዞም ዝተፈላለየ ደረጃታት ዝተመዘዙ ኣኸበርቲ ሕጊ ይቕርብ ። ደረጃ ኣኸበርቲ ሕጊ ብመሰረት ደረጃታት ናይ'ቲ ኣብያተ ፍርዲ ይውሰን ፡
2. ኣኸበርቲ ሕጊ ኣብ ጽፍሖም ንዘለዉ መርመርቲን ቀየድትን፡ ኣሰርትን ብሕጊ ገበናዊ ስርዓት ዝተገልጸ ናይ ኣተሓሕዛን ኣመራምራን ቅጥዒ ንኽዓዩ ክቆጻጸርዎምን ክከታተልዎምን ሓላፍነት ኣለዎም ።
3. ኣኸበርቲ ሕጊ ካብ ናይ ደረጃኦም ቤት ፍርዲ ናብቲ ልዕሊኡ ዘሎ ቤት ፍርዲ ይግባይ ናይ ምቕራብ ሓላፍነት ኣለዎም ።
4. ኣኸበርቲ ሕጊ ኣብ ደረጃኦም ብዝኾነ ዜጋ ወይ ምምሕዳራዊ ትካል ሕጊ ኣብ ዝጠሓስሉ እዋን ንዋና ኣኸባር ሕጊ ወይ ንልዕሊኦም ዝርከብ ኣኸባር ሕጊ ናይ ምሕባር፡ናብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ክሲ ናይ ምቕራብ ሓላፍነት ኣለዎም ።
5. ኣድላይ ኮይኑ ኣብ ዝረኸቦ ፡ እቲ ኣብ ላዕለዋይ ጽፍሒ ዝርከብ ኣኸባር ሕጊ ነቲ ብታሕተዋይ ኣኸባር ሕጊ ዝቐረበ ክሲ ባዕሉ ክከታተሎ ወይ ናብ ካልእ ኣኸባር ሕጊ ክሰጋግሮ ይኽእል ።
6. ኣድላይ ኮይኑ ምስ ዝረኸብዎ ኣኸበርቲ ሕጊ በብደረጃኦም ምርመራ የካይዱ
7. ኣኸበርቲ ሕጊ ኣብ ደረጃኦም ንኩነታት ቤት ማእሰርትን እሱራትን ይከታተሉን ይቆጻጸሩን ።
8. ኣብ ዝተፈላለየ ጽፍሕታት ዝርከቡ ኣኸበርቲ ሕጊ ምሉእ ስታቲስቲካዊ ጸብጻባት ናይ ዝተኸታተልዎ ጉዳያትን ፡ ብዛዕባ ኩነታት ፍትሒ ኣብቲ ዝሰርሑሉ ከባቢን ብዛዕባ ንፍትሒ ዝምልከት ዘጋጥምዎም ጸገማትን ከመሓየሹሉ ዝኽእሉ ኣገባ

ባትን ናብ ልዕሊኦም ዝርከቡ ኣኽበርቲ ሕጊ የቕርቡ። ነፍሲ ወከፍ ኣብ ዝተፈላለየ ጽፍሒታት ዝርከቡ ኣኽበርቲ ሕጊ ከኣ ቅዳሕ ጸብጻቦም ናብ ዋና ኣኽባር ሕጊ የመሓላልፉ።

<u>ምምሕያሽ</u>፡—

እዚ ኣዋጅ ምምሕዳር ፍትሒ፡ ኣብ ዘድልየሉ እዋንን ኩነታትን ብግዚያዊ መንግስቲ ኤርትራ ኪመሓየሽ ዝኽእል'ዩ።